ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

التحالف الديمقراطي الارتري

ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE

## መግለጺ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
## ብኣጋጣሚ 14 ዓመት ናጽነት ኤርትራ

ብ24 ግንቦት 1991 ዓ.ም ሰራዊት መግዛእቲ ካብ ኤርትራ ተሳዒሩ ምስ ወጸ፥ ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ መግዛእትን ስቅያትን ውግኣትን ስደትን መዋእል ኣኺቲሙ፡ ሓድሽ ናይ ሰላምን ፍትሕን ራህዋን ቅሳነትን ምዕራፍ ድማ ተኸሲቱ ካብ ዝብል እምነት፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝነበረ ኤርትራዊ መስዋእቱን ድኻሙን ደሙን ኣዕጽምቱን ኸኽንቱ ከምዘይተኸስከሰ ኰይኑ ተሰሚዕዎ ኣብ ዘዘለዎ ኰይኑ ሓጐሱ ክገልጽ ተራእየ። ኣብ ወጻኢ ዝነበሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብዘይ ስሩዕ ኣገባብ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ጀመሩ። ዓቕምን ገንዘብን ዘለዎም ዜጋታት ድማ ሃገሮም ንምህናጽ ተጓየዩ። ተቓወምቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝኾኑ ውድባት፡ ስኒትን ሰላምን ርግኣትን ንምስፋን ካብ ዝነበሮም ንጹህ ድሌት ተበጊሶም ንዝሓለፈ ፍልልያት ብልዝብ ንምፍታሕ ዘለዎም ቅሩብነት ገለጹ። ኤረ ገለስ፡ ውድቦም ኣፍሪሶም ናብ ኤርትራ ምምላሶም ውን ዝዝከር ኢዩ። ኣብ ርእሲዚ፡ መላእ ዓለም ብጅግንነትን ጽንዓትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተደኒቑ፡ ነዛ ዕሽል ውልዶ ሃገር ብሾሉ ዓቕምታቱ ኽክድግፋ ተበገሰ።

ኢሳያስን መጋበርያታቱን ግን፡ ናጽነት ኤርትራ ብመስዋእትን ቃልስን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኰነስ፥ ብክእለቶምን ጅግንነቶም ጥራሕ ከም እተረጋገጸን፤ ሕጂ ውን ንኤርትራ ናብ ሲንጋፖር ክቕይርዋ ጸገም ከም ዘይብሎምን ክገልጹ ተሰምዑ። ዝኽእልወን ዘይክእልዎን መብጽዓታት ድማ ገበሩ። ካብዚ ትዕቢትን ግጉይ ገምጋምን እዚ ተበጊሶም፡ ካብ ናቶም ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ንዝውንኑን፤ መሰልና ኣይተረጋገጸን ንዝበሉን ከሳጉጉን ክኣስሩን ክቐትልን፤ ምስ ጐረባብትን ፈተወትን ኤርትራ ዝኾና ሃገራትን ትርጉም ዘይብሉ ግርጭታት ክጽሕትሩን ተራእዩ። ጭቆና ተቓውሞ ክወልድ ግድን ስለዝኾነ፡ ናይ ተጋደልቲ፡ ናይ ውጉኣት ሓርነት፡ ናይ መምህራን ወዘተ... ተቓውሞታት ክግሃድ ጀመረ። ነዝን ካልእ ተቓውሞታትን ንምድኻም ተባሂሉ ድማ፡ ኵሉ ኣሎ ዝብሃል ናይ "ፈላሊኻ ግዛእ" ዝብል ፖሊሲታት ተጠቕሙ። ጀብሃን ሻዕብያን፥ ተጋዳላይን ገባርን፥ ዋርሳይን ይከኣሎን፥ መሕወይ ግብሪ ዝኸፈለን ዘይከፈለን፥ ከዳዕን ሃገራውን፥ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፥ እሙንን ዘይእሙንን፥ ብልሽውን ዘይብልሽውን፥ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸመን ዘይፈጸመን ዝብልን፤ ካልእ ኣብ ሃይማኖትን ወገንን ኣውራጃን እተሰረተ ፍልልያትን ክምዝምዙ ተራእዩ። ዋላ፡ ነታ ባዕሎም ኣብ ግብሪ ዘየውዓልዋ ቅዋም ውን ከይተረፈ፡ ደገፍትን ተጻረርትን ቅዋም ኢሎም ክፈላልዩላ ምፍታኖም ዝዝከር ኢዩ።

እዚ ኵሉ ግን፡ ነቲ ምእንቲ ፍትሕን ማዕርነትን ርግኣትን ዲሞክራስን ዝካየድ ቃልስታትን ዓወቱን ከናውሖ እኳ እንተኸኣለ፡ ፈጺሙ ክዓግቶ ግን ኣይከኣለን። ተቓውሞታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ መጸ። ኣብ ደገ ዝነበረ ሓፋሽ ውድባትን ውን ከይተረፈ፡ ስለምንታይ ክንድስክል ተወሲኑ፥ እነዋጽኦ ገንዘብ ኣበይ ኢዩ ዝኣቱ ዘሎ ዝብሉ ሕቶታት ክልዕሉ ጀመሩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣድህቦ ናይ ህዝቢ ካብ ውሽጣዊ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላዋት ናብ ካልእ ንምጥምዛዝን፤ ካብ ጐረባብቲ ሃገራት ገለ ሓለፋታት እንተተረኺብኩ ካብ ዝብል ግጉይ ገምጋምን ውግኣት ኣባርዐ። ኣብዚ ውግኣትዚ ዘጋጠሞ ስዕ

ረት፡ ንውሽጣዊ ቅልውላዋቱ ዝያዳ ኣዕሞቐ። ነዚ ግርጭታትዚ ብሰላም ንምፍታሕ ካብ ኣህጕራውያን ትካላትን መንግስታትን ዝቐረበሉ ጻውዒት ስለዝነጸገ፡ ካብ ዓለም ውን እናተነጸለ ከደ። እዚ ውን ተወሳኺ ቅልውላዋት ፈጠረሉ። ከም ውጽኢቱ፡ ገለ ካብቶም ኣብ ቀንጮ ናይቲ ስርዓት ዝነበሩ መራሕትን ኣባላት ፓርላማን ምሁራትን ጋዜጠኛታትን ዲሞክራስያዊ መስርሕ ንኽትኣታቶ ክጠልቡ ጀመሩ። ዕጫኦም ድማ፡ ልክዕ ከም ካልኦት ተቓወምቲ ማእሰርትን ምስጓግን ኰነ።

ብሓጺሩ፡ እቲ ናጽነት ብምርግጋጹ ኣብ ህዝቢ ሓዲሩ ዝነበረ ሓጐስ፡ ኣብ ውሽጢ ካብ 10 ዓመታት ዘይነውሕ ግዜ ናብ ጓህን ሓዘንን ተቐየረ። ተስፋ ቍርጸትን እንታይ ገደሰኒ ዝብል ስምዒትን ነገሰ። ኣብ ትምህርትን ልምዓትን ዳግመ ህንጻን ሃገሩ ክሳተፍ ዝግብኦ ኣፍራዪ ዓ ቕሚ መንእሰይ ሕልምታቱ ስለዘይተረጋገጸ ከምብሓድሽ ንዓዲ ጓና ብብዝሒ ክስደድ ጀመረ። ህዝብና ዝልለየሉ ናይ ጅግንነትን ጽንዓትን ምልክት፡ ኣብ ቅድሚ ጸላእትናን ፈተውትናን ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ተበለለ።

ስለዚ፡ ንመበል 14 ዓመት ናጽነት፡ ልክዕ ከምተን ቅድሚኣ ዝሓለፋ ዓመታት፡ ሓጐስን ጓህን ብእተፈራረቐ እተሓዋወሰ ስምዒታት ኢና ንዝክራ ዘሎና። መግዛእታዊ ሰራዊት ካብ ሃገርና ምውጻኡ የሐጕሰና፤ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ኵነታት ህዝብና ካብ ቅድም ሕጂ ዝያዳ እናኸፍአ ምኻዱ ድማ የጕህየና። ስለዝኾነ ድማ፡ ነዚ እተፈራረቐ ናይ ሓጐስን ሓዘንን ስምዒታት ናብ ምሉእ ሓጐስ ንምቕያር፤ ንሓርነት ናይ መሬትና ናብ ዘይሽራረፍን ኵሉ ሰብኣዊ ሓርነታትን ሰብኣዊ መሰላትን ዝረጋገጸሉ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምስግጋር ቃልስና ክቕጽልን ክሓንንን ይግባእ።

እዚ ኵነታትዚ ዝመረሮም ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ምሁራትን ውልቀ-ዜጋታትን ንምልኪ ብዲሞክራሲ፡ ንውግእ ብሰላም፡ ንስቅያትን ሓሳረ-መከራን ብራህዋን ቅሳነትን፡ ንኣድልዎን ጭቆናን ብፍትሒ፡ ንምብትታን ብሓድነት ንምትካእ ኢዮም ክቃለሱ ዝጸንሑን ጌና ውን ዝቃለሱ ዘለዉን። ብመጋቢት 2005 ዓ.ም እተመስረተ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እምበኣር፡ ውጽኢት ናይዚ ኣተሓሳስባን፥ ውጽኢት ናይዚ ንነዊሕ እዋን እተኻየደ ቃልስታትን እዚ ኢዩ። ኪዳንና፡ ነቲ ዝነበረ ምንጽጻግን ምውጣጥን ሰጊሩ፡ ብስኒትን ብምርድዳእን ብምእኩል ኣገባብን ስርሓቱ ከካይድ ምጅማሩን፤ ኣብ ዜናውን ህዝባውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ክሳዕ ሕጂ ኣካይድዎም ዘሎ ተስፋ ዝህብ ንጥፈታትን፤ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ኣውሮጳን ኣመሪካን ካናዳን ኣውስትራልያን ዝርከቡ ኤርትራውያን ዘካይድዎ ዘለዉ ሰላማዊ ሰልፍታትን ንኪዳን ዝድግፍ መርገጻትን ኣተባባዒ ስጕምቲ ኢዩ።

በዝን በቲ ኣብ ዞናና ዝካየድ ዘሎ ዘተስፍው ናይ ሰላምን ናይ ዲሞክራስን መስርሓት ዝርዓ ደ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ውሽጢ ሓይልታት ኪዳን ሕንፍሽፍሽ ንምእታው፤ ንምሕዝነት ሰንዓ ከኣ ንምክፍፋልን ንምብትታንን ኵሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት የካይድ ምህላዉ ክንዝንግዕ ኣይግባእን።

ኣብ መደምደምታ፡ ህዝብና፡ ነቲ ክቡር ዋጋ ዝኸፈለሉ ግን ከኣ ጌና ዘይተረብሓሉ ናጽነት፡ ናብ ሓቀኛ ናጽነት ክቕይሮ፤ ንምልኪ ብዲሞክራሲ ክትክኦ፤ ንኹሉ ናይ ምፍልላይ ስልትታትን ውዲታትን ስርዓት ኣስመራ መታን ከፍሽል፡ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ክቃለስን፤ ፈተውቲ ሰላምን ዲሞክራስን ዝኾኑ ኣህዛብ ድማ ኣብ ጐድኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝብና ደው ክብሉን ንጽውዕ።

ናጻን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንዝልኣለም ትንበር
ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
27.05.2005